Tigrinja

# NORA-ኮርስ

እዚ ኮርስ ዝተሓላለኸ ፍትሕ ወይ ምፍልላይ ኪጋጥም ከሎ ብዛዕባ መሰላትካ፡ዕድላትካን ምልከት ሂወትን ኣፍልጦ ዝህብ እዩ።

Familievernet
Bufetat

## ሓበሬታ ብዛዕባ NORA-ኮርስ

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ድሕነት ስድራ-ቤት ከምዚ ዓይነት ኮርስ ክህሉ ምስ ዝደልዩ ተጠቀምቲ ብምትሕብባር ኢና ትሕዝቶን ናይዚ ኮርስ ኣዳሊናዮ። ብሰንኪ ፍትሕ ዝተሓላለኸ ኩነታት ሂወት ክኽሰት ከሎ ብዛዕባ መሰላት፡ዕድላትን ምልከት ሂወትን ኣፍልጦ ምድላብ እዩ ተደላዪ ኔሩ።

### እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ሓንቲአን ወይ ካብ ሓንቲ ንላዕሊ ምስ ኩነታተይ ይዛመዳ እየን ትብል እንተደአ ኮይንካ እዚ ኮርስ ምሳኻ ዝኸይድ እዩ:

- ኣብ ጥዕና ዘይብሉ ሓዳር ይነብር ኣሎኹ ዝብል ስምዒት ስለዘለኒ ክፋታሕ ይሓስበሉ ኣሎኹ፡ እንተኾነ ግን ካብቲ ሓዳር ምውጻእ ኣጸጋሚ ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ።
- ሳዕቤናት ፍትሕ የፍርሓኒ ብምህላዉ ዘለኒ ዕድላትን መሰላትን ዝያዳ ክጸርዮ ይደሊ ኣሎኹ።
- ካብ ሓዳረይ ብምፍልላየይ እውን ደቀይ፡ ቤተሰበይ፡ ኣዕሩኽተይን ኣካል ማሕበራዊ መርበበይን ዝኾኑ ኣካላት ከይስእኖም እፈርሕ'የ።
- ግብረ-መልስታት፡ምቁጽጻር፡ምፍርራሕ ወይ ጎነጽ ከየጋጥመኒ ይሻቐል እየ።
- ኣብ ዝተሓላለኸ መስርሕ ፍትሕ እየ ዘለኹ።

## ኣፈጻጽማ ናይቲ ኮርስ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል

እዚ ኮርስ ንሸሞንተ መዓልታት ዝካየድ ኮይኑ ምዞም ዝስዕቡ ዝተሓሓዙ ሸሞንተ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ኢና ክንርኢ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዘለዉና መሰላትን ዕድላትን፡ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ዕድላትን ኣገልግሎታትን ኣየኖት እዮም፡ ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትና ዘለና ዝምድናታት፡ መሓዙትን ማሕበራዊ መርበብን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትርከበሉ ኩነታት ሂወትና ንነፍስኻ ብከመይ ትሕግዛ። እዚ ኮርስ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ድሕነት ስድራ-ቤት ዝካየድ ኮይኑ ብክኢላታት ተራፐያ እዩ ዝምራሕ። ዝተፈላለዩ ሞየኛታትን ሞያዊ ዓንኬላትን ብዛዕባ ፍሉይ ኣፍልጦ ዝደለቡሉ ኣርእስታት ኣስተምህሮ ይህቡ እዮም።

ካብዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ገሊኦም ፍልጠት ክቐስመሎም ይኽእል እየ ትብል እንተደኣ ኮይንካ እዚ ኮርስ ምሳኻ ዝኸይድ እዩ፡

- ነጻ ሕጋዊ ሓገዛትን ቁጠባዊ መሰላትን
- ኣገልግሎታት፡ንጥፈታትን ማሕበራዊ መራኸቢ ቦታታትን
- ናጽነትን ምቁጽጻርን
- ብከመይ ኢና ጥዑይ ዝምድናታት ንፈጥርን ንዕቅብን
- ውሑስ ምርድዳእ/ምዝርራብን ጽቡቕ ምውህሃድን
- ዓቕሚ(ተሰማዕነት/ጽልዋ) ኣለንን ዓቕሚ(ተሰማዕነት/ጽልዋ) የብለይንን ዝብል ስምዒት ክህልወካ(makt og avmakt)
- ንምቕይያራት ሂወትን ቅልውላዋትን ነርእዮም ግብረ-መልስታት
- ቀይድታት፡ እንታይ የድልየካን ክብርታትን
- ጸቕጢ ምምላኽን ርእሰ-ሓገዝን

እዚ ኮርስ ሂወትካ ክትመልኽን ጽባቐ ሂወትካ ክዛይድን እጃሙ ከበርክት እዩ ዕላምኡ።

Familievernet
Bufetat

## ኣብ NORA-ኮርስ ክትሳተፍ ድሌት ኣለካ ዶ፧

እዚ NORA ዝበሃል ኮርስ ንዓይ ከገድሰኒ ይኽእል እዩ ትብል እንተደኣ ኮይንካ ንቤት-ጽሕፈት ድሕነት ስድራ-ቤት(familievernkontoret) ተወከሰና። እዚ ኮርስ ንዓኻ ዝኸውን እንተደኣ ኮይኑ ገምጋም ነካይደሉን ብዛዕባ እዚ ኮርስ ሓበሬታ ንህበሉን መእተዊ ዝርርብ ከነካይድ ክንዕድመካ ኢና።

እዘን ዝስዕባ ኣባይቲ-ጽሕፈት ድሕነት ስድራ-ቤት NORA-ኮርስ ኣለወን:

**Familievernkontoret i Buskerud**
ኣድራሻ: Grønland 68, 3045 Drammen
ተለፎን: 466 17 710
ኢመይል: fvk.buskerud@bufetat.no

**Familievernkontoret i Vest-Agder, avdeling Kristiansand**
ኣድራሻ: Markens gate 35, 4612 Kristiansand
ተለፎን: 381 04 310
ኢመይል: familievernkontoret.vest.agder@bufetat.no

ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኢንተርነት ብዛዕባ ኮርስታትና ተወሳኺ ሓበሬታ ኣሎ፡

**www.familievernet.no**